ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ
ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን
ኣምስተልፈን- ኣምስተልላንድ
ሆላንድ።

Eritrean Orthodox Tewahdo
MedhanieAlem kerk
Amstelveen -Amstelland
Holland.

15 ጥሪ 2013 ዓ.ም.ግ.
23 ጥሪ 2021 ዓ.ም.ፈ.
ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ2013-259

በስመኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።

ጉዳይ፥ ሕላፍ ሰዓትን ካልእ ተወሰኽቲ ውሳኔታትን መንግሥቲ ነዘርላንድ፡

ናብ ዝኸበርኩም ኣባላት ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፈን-ኣምስተልላንድ፡

መንፈሳዊ ሰላምታንና ድሕሪ ምቕራብ፡ ኣብ ህይወትኩም ምሉእ ጥዕናን ሰላምን ንምነየልኩም። ኣብ ስራሓትኩም‘ውን ኩሉ ኣሳልጦን ግስጋሰን ክህልወኩም እንዳተመነና፡ ኣብ'ዚ ዘሎናዮ ከቢድ ናይ ኮሮና ህሞት፡ ተወሳኺ ጽንዕ ዝበለ ውሳኔ ብመንግሥቲ ነዘርላንድ ተኣዊጁ ከም ዘሎን፣ ብጥንቃቐን ብዕቱብን ክንከታተሎ ከምዝግባኣናን ከነዘኻኽርኩም/ክንሕብረኩም ንደሊ። እዚ ሓበሬታ ንዘይሰምዑ ቀልጢፉ ክመሓላለፍ ክትተሓባበሩ'ውን ብትሕትና ነተሓሳስብ።

1- ካብ ሎሚ ቀዳም 23 ጥሪ 2021 (15 ጥሪ 2013 ግዕዝ) ኣብ ነፍሲወከፍ መዓልቲ፡ ካብ ሰዓት ትሽዓተ ምሸት (21:00) ጀሚሩ ክሳብ ወጋሕታ 4:30፡ ብመንግሥቲ ሕላፍ ሰዓት ተኣዊጁ ኣሎ። ዝኾነ ሰብ ድሕሪ ሰዓት ትሽዓተ ምሸት ክሳብ 4:30 ወጋሕታ፡ ናብ ዝኾነ ቦታ ምንቅስቓስ ኣይፍቀድን ኢዩ። እዚ ማለት ከኣ ብእግርኻ ይኹን ብመጓዓዝያታት ዘጠቓለለ ኢዩ።

2- ብሥራሕ ይኹን ብዝኾነ ምኽንያት ዝንቀሳቐስ ሰብ፡ ፍቓድ ከም ዘለዎን፡ ብቑዕ ምኽንያት ዝሓዘ መረጋገጺን (ንኣብነት፥ ደብዳበ ብምኽንያት ቈጸራ ናይ ሕክምና፡ መጸዋዕታ ናብ ቤት ፍርዲ ዝኣመሰሉ) ክርኢ ይግደድ ኢዩ።

3- መረጋገጺ ወረቐት ከተርኢ ዘይትግደደሉ ምኽንያት፡ በይንኻ ከልቢ ከተውጽእ፣ ብሰንኪ ሓደጋ ከም ባርዕ ሓዊ ኣብ ገዛ ወይ ኣብ ጐረቤት፥ ብሰንኪ መኪና ምብላሻዋ፣ ህጹጽ ጉዕዞ ናብ ሕክምና ዝኣመሰሉ ኢዮም።

4- መንግሥቲ ብዙሓት ሰባት ብኮሮና ዝተሓዙ ዘለዉ ምክንያት፡ ብሰንኪ ብጽሖት ናብ ቤተሰብ ምዃኑ ድሕሪ ምግላጹ፡ እቲ ሕጊ ካብ'ዚ ዝተጠቕሰ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ገዛ ዝኾነ ጋሻ ኣይትቀበሉ ዝብል ኢዩ።

5- መሠረታውያን ሕጊታት ምኽባር፥ እዚ ማለት ከኣ ርሕቀት 1.5 ሜትሮ፣ ኢድካ ምሕጻብ፣ ኣፍካ ምሸፋን፣ ክትስዕል እንከሎኻ ብተዓጻፊ ኢድካ ምኽዋል፣ ብዝሒ ሰባት ካብ ዘለዎ ምርሓቕ'ዩ።

*ሰበኻ ጉባኤ ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም፡ Het Kerkelijk bestuur van Debreselam Medhanie Alem*
Email: debreselammedhaniealem@gmail.com፡ Website: www.debreselam-medhaniealem.com
**Amstelveenseweg-965, 1081 JG Amsterdam Nederland**

6- ፍቓድ ክትሓትት ምስ እትደሊ፡ ኣብ ትሕቲ [www.rijksoverheid.nl](http://www.rijksoverheid.nl) ዘሎ ፎርም ብምምላእ ይኽውን። ነዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎን፡ ብፍላይ ከኣ ፍቓድ ዘድልዮን መረጋገጺ ወረቐት መዓስ ከም ዘድልየካን ዘመልክቱ ሥእላዊ ገለጻታት እውን ኣብ ታሕቲ ለጠፍ ኣሰኒናልኩም ኣሎና።




ምስ መንፈሳዊ ሰላምታ

እግዚኣብሔር ኣምላኽና ሃገርና ኤርትራን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ቤተክርስትያንናን ይባርኽልናን ይዓቅበልናን።


***ሰበኻ ጉባኤ ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም፡ Het Kerkelijk bestuur van Debreselam Medhanie Alem***

Email: debreselammedhaniealem@gmail.com፡ Website: www.debreselam-medhaniealem.com

**Amstelveenseweg-965, 1081 JG Amsterdam Nederland**